

ናይ “ለውጢ” ማንትለ ጸሊም ዝቆርበቱ
ክፈልጦ ዝግባእ ’ጸቢቑ ፈትፊቱ

ምእንቲ ርብሕኡ ባሕርና ክመልኽ
ፌደረሽን ኢሉ መሰልና ክድሕኽ
ከምዘይተዋፈረ ባህልና ክሓክኽ
ሰረትና ከዕኑ ናይ “ኣይንፈላለ” ታሪኽ

ሓምሳታት ጀሚሩ ሰብና ዝበተነ
ሸፋቱ ’ዋፊሩ ሽብር ዘዋደነ
ትሕቲ ኢትዮጵያውያን ከምዘይቆራረነ
ባይቶና ዘሪጉ መሰል ዘየምከነ

ተፈሪ መንግስቱ ወያነ ሓሽኪሩ
ንዋት ዲፕሎማሲ ብረት ኣሳጊሩ
ባቢሎን ጀ፲ 15 ጋዜጠኛ ቆጺሩ
ሰላም ንክዘርግ ማወስ ’ዋፊሩ

100 ሽሕ ንጹሃን ከምዘየኽሰረና
90 ሽሕ ኣምቼ ግፍዒ ዘይበጽሐና
ልዕሊ ሲሶ ዜጋታት ዘይተመዛበልና
ማይ ንዓቐብ ውንጀላ ሎሚስ ገረመና!

ካብ ዘመን ሰማንያ ሰፈራ መስሪቱ
ሽመልባ እንዳበለ መንእሰይ ጓሪቱ
ምሁር እስፖርተኛ ኣብ ዲቪ ምጽናቱ
ከምዘይተዋፈረ መንእሰይ ጨሚቱ

ኬንያ ዶ ኢትዮጵያ ሱዳን ግብጺ ኢሉ
ኣብ ዘይሕጋውነት ቪዛታት መዊሉ
ከምዘይተዋፈረ ን ዩኤን ተኺሉ
ሰብ ገበን ከሳግር ዲፕሎማቲክ ኢሉ

“ተቓዋማይ” ኢሉ መንእሰይ ’ሻዲኑ
ብመሰል ክኸስብ ተሓላቓይ ኮይኑ
“ለውጢ” እንተበለ ገዛ ጻዕዳ ኮይኑ
ደበና ምዕማዀ’ዩ ይፍለጦ ’ስተንቲኑ

ታሪኹ ዘይፈልጥ ሰብኣዊ መሰሉ
ባርነት ትርጉሙ ስረ መበቆሉ
“ለውጢ” እንተበለ ቅድሚ ሰብ ደው ኢሉ
ኢብራይስጥ ከሐጉስ ኣብ ታሪኽ ፎሽኪሉ

ሰብኣዊ ክመስል ንጻዕዳ ከፍቱ
ናይ “ለውጢ” ማንትለ ጸሊም ዝቖርበቱ
ክፈልጦ ይግባእ ’ጸቢቑ ፈትፊቱ
ማሕላ ’ሎና ማለት ትርጉሙ ሰረቱ

ብሰንኩ ዝመጸ ንዝወረደና
ኣብ ፍቕዶ ዓለም ዝተበታተ’ና
ሃገር ኣይንጠልም ሎሚ ከምቀደምና
ዘልኣለማዊ ክብሪ ዝኽሪ ሰማእታትና !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
ድምጺ ኤርትራና 2012